ቤት ፅሕፈት ማይ ግልጋሎት ከተማ ዓድዋ ኣብ 2011 በጀት ዓመት ንግልጋሎት ዝውዕል ኬምካል ማለት ውን ካልሲየም ሃይፖ ክሎራይድ ብግልፂ ብጨረታ አወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ።ስለዚ ነዞም ረቋሕታት እተማልኡ ነጋዶ ንክትውዳደሩ ንዕድም።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሶኒ ሕዳር 24, 2011 (ልዕሊ 8 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ታሕሳስ 10, 2011 3:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:40000.00
- ቦታ:ዓድዋ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ታሕሳስ 10, 2011 4:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኬሚካልን ሪኤጀንት/

1 ተጫረቲ ዉሽጢ ዓዲ በቲ ዘፈር ብመምርሒ ንግዲ ግዜ ሕድሳቱ ዘይሐላፎ ሕጋዊ ፍቃድ ንግዲ መረዳእታ ከቅርቡ አለዎም

2 ተጫረቲ ተወሳኪ እሴት ታክስ ምዝጉባትን ናይ ወርሒ ጥቅምቲ2011 ዓ/ም ወርሓዊ ተወሳኺ እሴት ታክስ ፀብፃብ ሒሳብ ዘፈለጥሉ ክኮኑ ይግባእ

3 ናይ ማይ ቁፅሪ ኽፋላይ ግብሪ ዝተመዝገቡን ናይ 2011 ዓ/ም በጀት ዓመት ዝተሓደሰ ናይ መቅረባይነት ወረቐት ምስክር ዘቕርብ ወይ እውን ፈደራል ኤጀንሲ ዕደጋ ምምሕዳር ንብረትን ኣብ ዘዳለዎ መረበብ ሓበሬታ ዝተመዝገቡ ምኺኖም ፈደራል ኤጀንሲ ዕደጋ ምምሕዳር ንብረትን መረጋገፂ ድጋፍ ዘቕርቡ፤

4 ሰነድ ጨረታ ዘይምለስ 50.00 ቅርሺ ብምክፋል ካብ ቤት ፅሕፈት ማይ ግልጋሎት ከተማ ዓድዋ ቁፅሪ 10 ብምኻድ 07/02/2011 ዓ/ም ጀሚሩ ምዉሳድ ይከኣል

5 መከበሪ ጨረታ 40,000.00 ሽሕ ቅርሺ ብጥረ ገንዝብ ወይ ካብ ሕጋዊ ባንኪ ብዝተረጋገፀ ስፒኦ ቅድሚ ጨረታ ምክፋቱ ከትሕዙ ዝክእሉ

6 ሰነድ ጨረታ ብዋናን ቅዳሕን ብክልተ ዝተዓሸገ ፖስታ ፈላልዩም ኣብቲ ቤት ፅሕፈት ክፍሊ ቁፅሪ 10 ኣብ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ጨረታ አታዊ ክገብሩ ይግባእ።ዋናን ቅዳሕን ቴክኒካልን ፋይናንሻልን ዘየቕረበ ኣብ ልዕሊ ፖስታ ዘይፀሓፈ ካብ ጨረታ ውድቂ ይግበር።

7 ሰነድ ጨረታ 10/04/2011 ዓ/ም ሰዓት 3: 30 ተዓፅዩ በቲ ዕለት ሰዓት 4 : 00 ይክፈት።

8 ዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ከም ኣድላይነቱ በዝሒ ወይድማ መጠን ኣቕሓ ክሳብ 20 % ክዉስከ ወይ ክቅንስ መሰል አለዎ።

9 ተጫረቲ ወሽጢ ዓዲ ዝሰዓርዎ ንብረት ብናይ ባዕሎም መጓዓዝያ መረጋፊን ወፃኢን ሸፊኖም ናብቲ ቤት ፅሕፈት ግልጋሎት ማይ ከተማ ዓድዋ አታዊ ክገብሩ ይግባእ።

10 ተጫረቲ ኣብ ዘቕርብዎ መወዳዳሪ ሒሳብ ሽም ትካል ማህተምን ፌርማን በዓል ዋና ክህልዎ ይግባእ።

11 ዋጋ ጨረታን መኽበሪ ጨረታ ውሕስናን ዋጋ ፀኒዑ ዝፀንሐሉ ግዜ ድሕሪ ጨረታ ምክፋቱ ን 29 ናይ ስራሕ መዓልቲታት ይከዉን።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

12 እቲ ሰነድ ጨረታ ብቋንቋ ኢንግሊዝኛ ከምኡውን ብቋንቋ ትግርኛ ዝተዳለወ ምኻኑ ተረዲኦም ክወዳደሩ ኣለዎም።

13 እቲ ቤት ፅሕፈት ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ወይ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ንተወሳኪ ሓበሬታ ብቁፅሪ ስልኪ 0347-711523 0347-713626 ሞባይል0914-427841 0923-413015 ደዊልካ ምሕታት ይከኣል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle